# ምዕራፍ 4. - ናይ ምስክር መርትዖ




## ዓንቀጽ 221. - መሰኻኽር ዚህቡዎ መርትዖ

(1) ብመሰኻኽር ዚወሃብ መርትዖ ብሕጊ ፍቑድ ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ፡ ሓደ ካብ ተኻራኽርቲ ወገናት መሰኻኽር ኪምርመሩ ምስ ዘመልከት፡ እቲ ብመርትዖ ኪረጋገጽ ዚድለ ዘሎ ክውንቶታት ኣከራኻሪ ምስ ዚኸውን እሞ፡ ኣብቲ ጒዳይ ንዚወሃብ ውሳነ ዚመርሕ ምስ ዚኸውንን፡ መሰኻኽር ኪምስክሩ ይእዝዝ። ቤት ፍርዲ ብገዛእ ስልጣንውን ከምኡ ኪገብር ይኽእል።

(2) እቲ ቤት ፍርዲ ዚህቦ ትእዛዝ፡ ኣየናይ ወገን መርትዖ ኸቕርብ ከም ዝሕተት፡ መርትዖ ኪቐርበሎም ዚድለዩ ክውንቶታት፡ ከምኡውን መሰኻኽር ዚምስክሩሉ ቦታን ዕለትን ግዜን ይገልጽ። መሰኻኽር ዚምስክሩሉ ቦታን ግዜን ቤት ፍርዲ ቐጺሉ ኣብ ዝህቦ ትእዛዝ ኪወስን ይኽእል።

(3) ቤት ፍርዲ፡ እቲ ምስክርነት ኣብ ቅድሚ ሓደ ነዚ ዕላማ ዝተወከለ ኣባሉ ኪወሃብ ኪእዝዝ ይኽእል። እቲ ዝተወከለ ዳኛ ኣብዚ ምዕራፍ ስልጣን ቤት ፍርዲ ይህልዎ።

(4) መሰኻኽር ቤት ፍርዲ ኣብ ዘጋብኣሉ ምስክርነቶም ይህቡ።

(5) ተኻራኽርቲ ወገናትውን ከም መሰኻኽር ኪቐርቡ ይኽእሉ።

## ዓንቀጽ 222. - ኣፈናዊ ምርመራ መሰኻኽር

ምስክር ኣብ ዳሕራይ ዕለት ኪምስክር ዘይክእል ምዃኑ ከእምን ዝኽእል ብቑዕ ምኽንያት ኣብ ዘሎወሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ፡ ክሲ ድሕሪ ምምስራቱ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ዳንነት፡ ብኣመልካትነት ናይ ሓደ ካብ ተኻራኽርቲ ወገናት መሰኻኽር ኪምስክሩ ኺእዝዝ ይኽእል።

## ዓንቀጽ 223. - ኣገባብ ኣተሓትታ

(1) ኣብ ቀጥታዊ ምርመራ ዚሕተቱ ሕቶታት፡ ምስ ክውንቶታት ናይቶም ኪውሰኑ ዘሎዎም ጭብጥታትን እቲ ምስክር ብዛዕባኡ ውልቃዊ ኣፍልጦ ምስ ዘሎዎ ኽውንቶታትን ዚተኣሳሰሩ ጥራይ ይኾኑ። ብዘይ ፍቓድ ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ቀጥታዊ ምርመራ፡ ንምስክር መራሒ ሕቶታት ኪቐርበሉ ኣይከኣልን።

(2) ኣብ መስቀላዊ ምርመራ ዚቐርቡ ሕቶታት፡ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ምስ ዝቐረበ ተዛማዲ ጭብጥታት ዝተኣሳሰር፡ እንተላይ ብዛዕባ ኣብ ቀጥታዊ ምርመራ ዝተዋህበ

ግጉይ፡ ኣጠራጣሪ ወይ ዘይሓቂ ኪኸውን ዚኽእል መልስታት ይኸውን# ኣብ መስቀላዊ ምርመራ፡ ንምስክር መራሒ ሕቶታት ኪቐርበሉ ይከኣል።

(3) ሓደ ተኸራኻሪ ወገን ኣብ ዳግማይ ምርመራ፡ ዘቐርቦም ሕቶታት ኣብ መስቀላዊ ምርመራ ንዝተላዕሉ ጉዳያት ንምብራህ ዝዓለሙ ጥራይ ይኾኑ።

ዓንቀጽ 224. - መስቀላዊ ምርመራ ዘይምክያድ

ኣብ ፍሉይ ነጥቢ መስቀላዊ ምርመራ ኽይገበርካ ምትራፍ፡ ሓቅነት ናይቲ ምስክር ኣንጻር ወገን ኣርጊጹ ዝመስከረሉ ዝኾነ ኸውንቶ ከም ምቕባል ኣይውሰድን።

ዓንቀጽ 225. - ግዴታ ምምስካር

(1) ነፍስ-ወከፍ፡ ብሕጋዊ ኣገባብ መጸዋዕታ ዚብጽሖ ሰብ ኪምስክር ግዴታ ኣሎዎ።

(2) ሓደ ምስክር፡ ዝቐረበሉ ሕቶ ብምምላስ፡ ንገዛእ ርእሱ ወይ ንዝኾነ ካብ ኣዝማዱ ብደም ወይ ብመርዓ ኣብ ቀጥታዊ መስመር ወይ ዘይቀጥታዊ መስመር ክሳዕ ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ደረጃ ወይ ንብዓልቲ ቤቱ ወይ ናይ ቅድም ብዓልቲ ቤቱ ብገበን ንናይ ምፍራድ ሓደጋ ከየቃልዕ ኣብ ዚሰግኣሉ ኩነታት፡ ንዝቐረበሉ ሕቶ ምምላሽ ኪኣቢ ይኽእል።

ዓንቀጽ 226. - ምርካብ ተኸራኸርቲ ወገናት

መሰኻኽር ኣብ ዚምስክሩሉ ግዜ ተኸራኸርቲ ወገናት ንኪርከቡ ቤት ፍርዲ ኪእዝዝ ይኽእል።

ዓንቀጽ 227. - መከላኸሊ መርትዖ

ቤት ፍርዲ፡ ምስ ተኸራኸርቲ ወገናት ድሕሪ ምምይያጥ፡ እቲ ምርመራ ቐንዲ ምስክርነት ዚህቡ መሰኻኽር ድሕሪ ምምርማሮም ብእኡ ብኡ ኪካየድ ኣብ ዚስርዓሉ ኩነታት እንተ ዘይኰኑ፡ መከላኸሊ መርትዖ ዘቕርቡ መሰኻኽር፡ ቀንዲ ምስክርነት ናይ ዚህቡ መሰኻኽር ምርመራ ምስ ተወድአ ብኡ ብኡ ወይ ቤት ፍርዲ ኣብ ዚውስኖ ቦታን ዕለትን ግዜን ይካየድ።

ዓንቀጽ 228. - መጸዋዕታ መሰኻኽር

(1) ቤት ፍርዲ ንመሰኻኽር መጸዋዕታ ይልእኽሎም።

(2) እቲ መጸዋዕታ፡ ምስክርነት ዚስመዓሉ ዕለትን ግዜን ቦታን፡ ምስክርነት ዚወሃበሎም ኸውንቶታት ከምኡውን ሳዕቤናት ዘይምቕራብ ይገልጽ።

(3) ምስክር ናብቲ ኪቐርበሉ ዝተደልየሉ ቦታ ንምቕራብ እኹል ግዜ ምእንቲ ኪረክብ፡ መጸዋዕታ ቅድሚ እቲ ኪቐርበሉ ዝተኣዘዘ ዕለት ይበጽሖ።

(4) ሓደ ተኸራኸሪ ወገን ብርትዓዊ መገዲ ካብ ዝድለዩ ንላዕሊ መሰኻኽር ኣብ ዘቕረበሉ ኩነታት፡ ቤት ፍርዲ ክሳራ ኣብ ዝእዝዘሉ ግዜ ነዚ ኩነታት ኣብ ግምት የእቱ።

ዓንቀጽ 229. - መጸዋዕታ ዘየኽብሩ መሰኻኽር

(1) ሓደ ምስክር ምስ ዘይቀርብ ወይ ኣብቲ መጸዋዕታ ዝተገልጸ ሰነድ ምስ ዘየቕርብ፡ ቤት ፍርዲ፡ መጸዋዕታ ብግቡእ ከም ዝበጽሖ የረጋግጽ።

(2) ቤት ፍርዲ፡ በቲ ምስክር ዝወሃብ መርትየ ወይ ዝቐርብ ሰነድ ኣድላዪ ምዃኑ ምስ ዘረጋግጽ፤

(ሀ) እቲ መጸዋዕታ ብግቡእ ኣይበጽሖን ኢሉ ምስ ዚኣምን ንኸሳራ ወይ ንኻልእ ብዚምልከት ኣድላዪ ትእዛዝ ብምሃብ ሓድሽ መጸዋዕታ ንኪለኣኽ ኪእዝዝ ይኽእል፤

(ለ) ቤት ፍርዲ፡ እቲ ምስክር ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ከም ዘይቀረበ ወይ ኮነ ኢሉ መጸዋዕታ ከም ዘይበጽሖ ከም ዝገበረ ምስ ዘረጋግጽ፡ ምስክር ኣብ ቤት ፍርዲ ንኺቐርብ ኣድላዩ ዝበሎ ትእዛዝ፡ እንተላይ ውሕስነት ዘፍቕድ ወይ ዘየፍቕድ መቐየዲ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 230. - ኣብያ ምምስካር ተኸራኻሪ ወገን</u>

ዝኾነ ተኸራኻሪ ወገን፡ ብቤት ፍርዲ ተኣዚዙ ብዘይ ሕጋዊ ምኽንያት ምስክርነት ምሃብ ወይ ኣብ ኢዱ ዝርከብ ዝኾነ ሰነድ ምቕራብ ምስ ዚኣቢ፡ ቤት ፍርዲ ኣንጻሩ ውሳነ ኺህብ ወይ ነቲ ኽሲ ብዚምልከት ዚመስሎ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 231. - ምምስካር ወይ መርትየ ምቕራብ ዚኣቢ ምስክር</u>

(1) መርትየ ኺህብ ከም ምስክር ዝተጸውዐ ሰብ፤

(ሀ) ምምሓል ምስ ዚኣቢ፡

(ለ) ምሒሉ ከብቕዕ ንዝቐረቡሉ ሕቶታት ምምላስ ምስ ዚኣቢ፡ ወይ

(ሐ) ርትዓዊ ምኽንያት ከይሃበ፡ ኽቕርቦ ዝተደልየሉ ዝኾነ ዚጭበጥ መርትየ ምስ ዘየቕርብ፡

ቤት ፍርዲ፡ መስርሕ ዳንነት ኽሰጋግርን፡ ነቲ ሰብ ከኣ ካብ ሸሞንተ መዓልትታት ንዘይነውሕ ግዜ፡ ወይ መስርሕ ዳንነት ንዝተሰጋገረሉ ግዜ፡ ግናኸ ካብ ክልቲኡ ንዝሓጸረ መዓልትታት፡ ኪቕይዶን ይኽእል።

(2) ዝኾነ ምስክር፡ ብገበን ከሕትተኒ ይኽእል እዩ ብዚብል ምኽንያት ንዝቐረበሉ ሕቶ ምምላሽ ኪኣቢ ኣይኽእልን። እንተ ኾነ ግን፡ ዝኾነ ዚህቦ መልሲ ኣብ ዝኾነ ኻልእ ገበናዊ ወይ ሲቪላዊ ጉዳይ ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ኣንጻሩ ኣብ ጥቕሚ ኣይውዕልን።

(3) ኣደ፡ ኣቦ፡ ሓው፡ ሓብቲ፡ ብዓል/ቲ ቤት ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ፡ ቃል ምስክርነት ምሃብ ወይ መርትየ ምቕራብ ብምእባዮም ኣይቅጽዑን።

<u>ዓንቀጽ 232. - ምስክር ኪቐርብ ምስ ዘይክእል</u>

(1) እቲ ምስክር ኣብ ርሑቕ ቦታ ዚነብር ምስ ዚኾውን፡ ቤት ፍርዲ፡ ነቲ ምስማዕ ምስክርነት ምስክር ናብ ዚነብረሉ ቦታ ኣብ ዚርከብ ማዕሪኡ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ከመሓላልፎ ይኽእል።

(2) ምስክር ብሕማም ወይ ብኻልእ ብቑዕ ምኽንያት ናብ ቤት ፍርዲ ካብ ምቕራብ ኣብ ዝተዓግተሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ ወይ ዝተወከለ ዳኛ ናይቲ ቤት ፍርዲ ናብቲ ምስክር ዚርከበሉ ቦታ ብምኻድ ምስክርነቱ ኪሰምዕ ይኽእል፡ ወይ ንኡስ-ዓንቀጽ

(1) ተፈጻምነት ኣብ ዝህልዎ ኵነታት እውን ነቲ ምስማዕ ምስክር ናብ ዚነብረሉ ቦታ ኣብ ዚርከብ ማዕረኡ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ከመሓላልፎ ይኽእል።

**ዓንቀጽ 233. - ተሳታፍነት ኣብ ውሳነ**

ብዝተኻእለ መጠን ነቶም መሰኻኽር ዝሰምዐ ኣባል ወይ ዝሰምዑ ኣባላት ቤት ፍርዲ ኣብ ምውሳን ናይቲ ጕዳይ ይሳተፉ።

**ዓንቀጽ 234. - ምግላል መሰኻኽር**

ቤት ፍርዲ፡ ብዘይካ ንተኸራኸርቲ ወገናት፡ ዝኾነ ምስክር ክሳዕ እቲ ኺምስክር ዚጽውዓሉ እዋን ካብ መጋባእያ ተገሊሉ ኺጸንሕ ይእዝዝ።

*ዓንቀጽ* 235. - *መሰኻኸር ዳግማይ ምጽዋዕ*

*ጽሑፈ-ኸርክር ኣብ መስርሕ ዳንነት ምስ ዚመሓየሽ ወይ ብኻልእ ምስ ዚትካእ፡ ወይ ፍትሒ ንምሃብ ኣድላዪ ምስ ዚኸውን፡ ተኸራኸርቲ ወገናት ኣቐዲሞም ዝተሰምዑ መሰኻኸር ዳግማይ ኪጽውዑን ኪስምዑን፡ ከምኡውን ነቲ ዝተመሓየሸ ወይ ዝተተከአ ጽሑፈ-ኸርክር ዝምልከት ወይ ፍትሒ ንምሃብ ኣድላዪ ዝኾነ ተወሳኺ መርትዖ ከቕርቡ የፍቅድ።*

*ዓንቀጽ* 236. - *ተወሰኸቲ መሰኻኸር*

(1) *ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ቅድሚ ውሳነ ምሃቡ፡ ምስክርነቱ ፍትሒ ንምሃብ ኣድላዪ ኢሉ ዝኣመነሉ ዝኾነ ሰብ ምስክርነቱ ኪህብ ወይ ኣብ ኢዱ ዘሎ ዝኾነ ሰነድ ኸቕርብ ኪጽውዕ ይኽእል።*

(2) *ቤት ፍርዲ፡ ነቲ ጉዳይ ኣገዳሲ ምስክር ክነሱ በቲ ተኸራኻሪ ወገን ኣቐዲሙ ከይተለለየ ዝጸንሐ ምስክር ኣገዳሲ ምዃኑን እቲ ምልክታ ዝቐረበ ነቲ ጉዳይ ንምትታት ከም ዘይኰነ ኣብ ዘረጋገጸሉ ኩነታት፡ እቲ ተኸራኻሪ ወገን ስሙ ኣብ ዝርዝር ኣሸማት መሰኻኸር ዘይሰፈረ ዝኾነ ምስክር ኪጽውዕ ከፍቅድ ይኽእል።*

*ዓንቀጽ* 237. - *ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብሓታትነት ናይ ወጻኢ ቤት ፍርዲ ብዛዕባ ምፍጻም*

(1) *ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ቅድሚኡ ብዛዕባ ዘሎ ዝኾነ ሲቪላዊ ኸርክር ናይ ወጻኢ ቤት ፍርዲ ናይ ምስክርነት መርትዖ ኣድላዪ ኢዩ ኢሉ ምስ ዚኣምን፡ ብመሰረት ድንጋገታት ናይዚ ምዕራፍ እዝን ናይ ዚቕጽል ምዕራፍን፡ ነት ምስክር ባዕሉ ኪሰምዖ ወይ እቲ ምስክር ኣብ ዚነብረሉ ከባቢ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ከም ዝስማዕ ኪገብር ይኽእል።*

(2) *ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብመሰረት ድንጋገታት ንኡስ-ዓንቀጽ* (1) *ዝፍጽም ምልክታ በዞም ዝስዕቡ ምስ ዚቐርበሉ እዩ፤*

   (*ሀ*) *ኣብ ኤርትራ ብዝርከብ ዲፕሎማስያዊ ወኪል ናይታ ወጻኢ ሃገር ዝተፈረመ ወረቐት ምስክር ብዚምልከቶ ኣካል ኣቢሉ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምስ ዚመሓላለፍ፡ ወይ*

   (*ለ*) *በቲ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ሃገር ናይ ሓታትነት ደብዳቤ ተላኢኹ፡ ብዝምልከቶ መንግስታዊ ኣካል ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምስ ዚመሓላለፍ።*

(3) *ኣብ ትሕትዚ ዓንቀጽ ዝተረኽበ ምስክርነት ምስቲ ምስክርነት ኪስምዓሎም ዚሓትት መልእኽቲ ተተሓሒዙ፡ በቲ ናይ ሓታትነት መልእኽቲ ዘመሓላለፈ ዝምልከቶ ኣካል ኣቢሉ ናብቲ ናይ ወጻኢ ቤት ፍርዲ ይልኣኽ።*

*ምዕራፍ* 5. - *ምስክርነት ክኢላ*

*ዓንቀጽ* 238. - *ምምዛዝ ክኢላታት*

*ቤት ፍርዲ ኣድላዪ ወይ ጠቓሚ መሲሉ ኣብ ዝተራእዩ ኩነታት ብሓታትነት ሓደ ኻብ ተኸራኸርቲ ወገናት ወይ ብተበግሶኡ ክኢላታት ኪምስክሩ ኺእዝዝ ይኽእል። እቲ ትእዛዝ ናይ ክኢላ ርእይቶ ዚድለየሉ ዘሎ ነጥብታት የስፍር። ቤት ፍርዲ፡ ምስቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ድሕሪ ምምይያጥ፡ ኣብቲ ትእዛዝ እቲ ወይ ብኻልእ ድሕሩ ዝወሃብ ትእዛዝ ኣብ ውሽጢ ዝተወሰነ እዋን ጸብጻብ ብጽሑፍ ከቕርቡ ወይ ኣብ ቤት ፍርዲ ተረኺቦም ብቓል መብርሂ ኪህቡ ብምእዛዝ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ክኢላታት ይምዝዝ። ቕዳሕ ናይቲ ትእዛዝ ወይ ድሒሩ ዝተዋህበ ትእዛዝ ናብ ክኢላታት ይልኣኽ።*

ዓንቀጽ 239. - ኣብያን መተካእታን

(1) ሓደ ክኢላ ነቲ ምዘዛ ምስ ዚኣብዮ፡ ወይ ዕማሙ ቅድሚ ምፍጻሙ ምስ ዚመውት፡ ወይ ብገለ ካልእ ምኽንያት ዕማሙ ኪፍጽም ምስ ዘይክእል፡ ወይ ከምኡ ምግባር ምስ ዚኣቢ፡ ቤት ፍርዲ፡ ብትእዛዝ፡ ብኻልእ ኪትክኦ ይኽእል።

(2) ነቲ ምዘዛ ዝተቐበለ ክኢላ፡ ዝተዋህቦ መምርሒ ብዘይ ኣድልዎን ፍልጠቱ ዘፍቅዶ ኵሉ ብምግባርን ክፍጽም ይግደድ።

ዓንቀጽ 240. - ብክኢላታት ዚግበር ምርመራን ወጻኢታትን

(1) ኪእላታት ምርመራ ከካይዱ ኣብ ዝተድልየሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ እቶም ኪእላታት ኣብ ዝተመዘዙሉ ግዜ ወይ ድሒሩ ብዚስዕብ ትእዛዝ፡ ነቲ ምርመራ መዓስን ኣበይን ከም ዘካይድዎ ይውስን።

(2) ቤት ፍርዲ፡ ብተበግሶኡ ወይ ብሓታትነት ናይ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ተኸራኸርቲ ወገናት እቶም ክኢላታት ናይ ወጻኢታት ግምት ከቕርቡ ኪሓቶም ይኽእል። ቤት ፍርዲ ዝተፈልየ ኣብ ዚኣዘዘሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ካብቲ መጠኑ ብቤት ፍርዲ ዚውሰን ግምት ዕርቡን በቲ ናይ ክኢላታት ምስክርነት ዚሓተተ ወገን ናብ ቤት ፍርዲ ይተሓዝ።

(3) እቲ ናይ ክኢላታት ጸብጻብ በቲ ዝተቘጽረ ዕለት ከይቀረበ ኣብ ዝተረፈሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ ብተበግሶኡ ወይ ብሓታትነት ናይ ተኸራኻርቲ ወገናት ወይ ሓዲኦም፡ ሓድሽ ቈጸራ ኪገብር ይኽእል። እቲ ብቓል ዚወሃብ ጸብጻብ ኣብቲ ምእንትኡ ዝተቘጽረ ዕለት ኣብ ዘይተዋህበሉ ኹነታትውን ሓድሽ ቈጸራ ኪገብር ይኽእል።

(4) ክኢላታት፡ ምርመራኦም ኣብ ትሕቲ ተቈጻጻርነት ቤት ፍርዲ የካይዱ። ኣብ መስርሕ ምርመራኦም እቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ርእይቶኦም ኪህቡን ኪሓቱን ዕድል ይህቡዎም። ናይ ጽሑፍ ጸብጻብ እዚ መምርሒ እዚ ተግባራዊ ከም ዝኾነ የርኢ። ትሕዝቶ ናይቶም ዚቐረቡ ርእይቶን ሕቶታትን ድማ ኣብቲ ጸብጻብ ይሰፍር። ሓደ ወገን ናብ ክኢላታት ብጽሑፍ ርእይቶ ኣብ ዘቅርበሉ ኹነታት፡ ከይደንጐየ ነቲ ኻልእ ወገን ቅዳሕ ከም ዝበጽሖ ይገብር።

(5) ናይ ቃል ጸብጻብ ዝሓዘ ደቓይቕ፡ ብኣባላት ቤት ፍርድን እቶም ክኢላታትን ብዝተነበ ብግቡእ ይፍረም። ሓደ ክኢላ ኪፍርም ከም ዘይክእል ኣብ ዚገለጸሉ ኹነታት፡ እዚ ሓበሬታን ዘይመኽኣሊኡ ምኽንያትን፡ ኣብቲ ደቓይቕ ይምዝገብ።

ዓንቀጽ 241. - ጽሑፍ ጸብጻብ

(1) ናይ ጽሑፍ ጸብጻብ ብምኽንያት ዝተደገፈ ይኸውን፡ ዝተፈልየ ርእይቶ ዘሎዎ ክኢላ ርእይቶኡ ከስፍር ይኽእል። ቅዳሕ ጸብጻብ ንነፍስ-ወከፍ ተኸራኻሪ ወገን ይዋሃብ።

(2) ቤት ፍርዲ፡ በቲ ጽሑፍ ወይ ናይ ቃል ጸብጻብ ብእኹል ደረጃ ሓበሬታ ኣብ ዘይረኸበሉ ኹነታት፡ እቶም ክኢላታት ተወሳኺ መብርህን መወከስታትን ንኪህቡ ኪእዝዝ፡ ወይ ካልኦት ክኢላታት ኪምዝዝ ይኽእል።

ዓንቀጽ 242. - ጻማ ክኢላታት ኣከፋፍላኡን

(1) ክኢላታት፡ እቲ መበቁላዊ ጽሑፍ ጸብጻብ ወይ እቲ ናይ ቃል ጸብጻብ ደቃይቕ ምስ ተወደአ፡ ወጻኢ ዝገብርዎ ክሳራታትን ቤት ፍርዲ ዚግምግሞ ጻማን ኪኸፈሉ መሰል ይህልዎም።

(2) ቤት ፍርዲ፡ ነቶም ክኢላታት ካብቲ ኣቀዲሙ ኣብ ቤት ፍርዲ ተቐሚጡ ዝነበረ ገንዘብ ከም ዚኸፈሉ ይገብር። እቲ ገንዘብ ዘይኣክል ምስ ዚኸውን፡ ቤት ፍርዲ፡ እቲ ዝተረፈ ገንዘብ ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ወይ ካብ ሓደ ኻብኣቶም ንምርካቡ፡ ትእዛዝ ይህብ። ናይ ቃል ጸብጻብ ኣብ ዝቐርበሉ እዋን እቲ ትእዛዝ ኣብቲ ናይ ጸብጻብ ደቓይቕ ይውሰኽ።

## ምዕራፍ 6. - ምርመራ ኽባብን ምብጻሕን

### ዓንቀጽ 243. - ምርመራ ኽባብን ምብጻሕን

(1) ቤት ፍርዲ፡ ኣከራኻሪ ዝኾነ ነገር ንምብራህ ናይ ኣከባቢ ምርመራ ኣድላዪ ምዃኑ ኣብ ዝተገንዘበሉ ኹነታት፡ ብሓታትነት ናይ ሓደ ኻብ ተኸራኸርቲ ወገናት ወይ ብተበግሶኡ ናይ ኣከባቢ ኵነታት ኪምርም ወይ ብቐሊሉ ናብ መጋባእያ ኪቀርቡ ዘይክእሉ ኣቕሑ ኪርኢ ይኽእል። ኣብ ከምዚ ኹነታት እቲ ቤት ፍርዲ ብጸሓፊ ቤት ፍርዲ ኪስነ ይኽእል።

(2) እቲ ኽምዚ ንምግባር ዝወሃብ ትእዛዝ፡ እቲ ኪምርመር ዘሎዎ ቦታ ወይ ኣቕሓ ይገልጽ፡ እቲ ምብጻሕ ዚግበረሉ ግዜ፤ እቲ ናይ ምርኢት ግዜን ቦታን፡ ደቓይቕ ናይ ከምዚ ዝመስል ተግባር ናብ ቤት ፍርዲ ዚቐርበሉ ናይ ግዜ ገደብ፡ ከምኡውን ናይቲ ጉዳይ መጋባእያ ዝቕጽለሉ እዋን ይጠቕስ። እቲ ደቓይቕ ብዳኛን በቲ ጸሓፋይ ቤት ፍድን ይፍረም።

(3) ተኸራኸርቲ ወገናት ርእይቶ ኪህቡ ወይ ሕቶኣም ኽቕርቡ ዕድል ይወሃቦም። እዚ ተግባራዊ ምዃኑ ኣብቲ ደቓይቕ ይምዝገብ። ትሕዝቶ ናይቲ ርእይቶ ወይ ሕቶታት ኣብቲ ደቓይቕ ይሰፍር። ቤት ፍርዲ ኣብቲ ቦታ መሰኻኽር ኪሰምዕ ይኽእል።

(4) ቤት ፍርዲ፡ በዚ ዓንቀጽ ዝተዋህቦ ስልጣን ንምትግባር ደረት ከባብያዊ ከለስልጣኑ ኪሓልፍ ይኽእል።

(5) በቲ ቤት ፍርዲ ይኹን ጸሓፊ ንመገሻን መደቀስን ዝተገብረ ወጻኢታት፡ ቤት ፍርዲ፡ ብሓደ ወይ ብኽልቲኣቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ከም ዝሽፈን ኪገብር ስልጣን ኣለዎ።

## ምዕራፍ 7. - ቃለ-ማሕላ

### ዓንቀጽ 244. - ቃለ-ማሕላ ከም መርትየ ንኺቐርብ ናይ ምእዛዝ ስልጣን

(1) ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜን ብብቑዕ ምኽንያትን፡ ርትዓዊ መሲሉ ምስ ዚርኣዮ፡ ዝኾነ ፍሉይ ክውንቶ ወይ ክውንቶታት ብቓለ-ማሕላ ንኺረጋገጽ፡ ወይ ናይ ዝኾነ ምስክር ቃለ-ማሕላ እቲ ጉዳይ ኣብ ዝስምዓሉ ግዜ ንኺንበብ ኪእዝዝ ይኽእል።

(2) ቤት ፍርዲ፡ ዝኾነ ካብ ተኸራኸርቲ ወገናት ዝኾነ ምስክር ንመስቀላዊ ምርመራ ኪቐርብ ከም ዝደልን እቲ ምስክር ከኣ ኪቐርብ ከም ዝኽእልን ምስ ዘረጋግጽ ብመሰረት ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ትእዛዝ ኣይወሃብን።

ዓንቀጽ 245. - ምቕራብ ወሃብ ቃል

(1) ብኣመልካትነት ተኸራኸርቲ ወገናት ቃለ-ማሕላ ከም መርትዖ ኪቐርብ ይኽእል። እንተ ኾነ ግን፡ ቤት ፍርዲ፡ ብሓታትነት ናይ ዝኾነ ካብ ተኸራኸርቲ ወገናት፡ ወሃብ ቃል ንመስቀላዊ ምርመራ ንኺቐርብ ኪእዝዝ ይኽእል።

(2) ቤት ፍርዲ ዝተፈልየ ኣብ ዝኣዘዘሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ እቲ ንመስቀላዊ ምርመራ ዚግበር ምቕራብ ናብ ቤት ፍርዲ ይኸውን።

ዓንቀጽ 246. - ቃለ-ማሕላ ዝድረተሉ ጕዳያት

(1) ብዘይካ ግዜያዊ ትእዛዝ ንምርካብ ኣብ ዚቐርቡ ምልክታታት፡ ቃለ-ማሕላ እቲ ወሃቢኡ ብገዛእ ፍልጠቱ ከረጋግጾ ኣብ ዝኽእል ክውንቶታት ጥራይ ዝተወሰነ ይኸውን። ግዜያዊ ትእዛዝ ንምርካብ ኣብ ዚቐርቡ ምልክታታት ዚወሃብ ቃለ-ማሕላ እምነት ናይ ወሃብ ቃል ብዛዕባ እቲ ነገር ምስፋር ኣኻሊ ይኸውን።

(2) ኣብ ቃለ-ማሕላ ብዝሰፈሩ ነገራት መሰረት ዚሕተት ዳንነት፡ እቲ ቃለ-ማሕላ ከም መርትዖ ኣብ ዝተተሓሓዘሉ ምልክታ ይቐርብ።

ዓንቀጽ 247. - ማሕላ ወይ ምርግጋጽ

ኣብ ትሕትዚ ሕጊ ኣብ ዚግበር ቃለ-ማሕላ፡ ወሃብ ቃል ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ወይ ዳኛ ወይ ብምኽንያት መዝነቱ ወይ ነዚ ዕላማ ብቤት ፍርዲ ዝተመዘዘ ዝኾነ ኻልእ ሰብ ኪምሕል ወይ መረጋገጺ ኪህብ ይኽእል።

ምዕራፍ 8. - ምቕራብ መርትዖ

ዓንቀጽ 248. - ካልእ መርትዖ ኪቐርብ ዚግበር ትእዛዝ

(1) ቤት ፍርዲ፡ ነቲ ኽርክር ብግቡእ ንምውሳን፡ ብዘይካ እቲ ብተኸራኸርቲ ወገናት ዝቐረበ መርትዖ ካልእ መርትዖ ኣድላዪ ምዃኑ ኣብ ዝኣምነሉ ኵነታት፡ እቲ መርትዖ ንኺቐርብ ኣድላዪ ኾይኑ ዝረከቦ ትእዛዝ ይህብ።

(2) እቲ ትእዛዝ ነዞም ዚስዕቡ ይገልጽ፤

(ሀ) ነየናት ኣከራኸርቲ ኽውንቶታት ወይ መጫበጢ ሕቶታትን ንምርግጋጽ ኣየናይ መርትዖ እዩ ዝድለ ዘሎ (ሰነዳት፡ መሰኻኽር፡ ናይ ክኢላ ምስክርነት፡ ምርመራ ከባቢ)፤

(ለ) ኣየናይ ወገን እዩ ነቲ መርትዖ ኸቕርብ ዘሎዎ፤

(ሐ) እቲ ጕዳይ ዳግም ዝስማዓሉ ቦታ፡ ግዜን ዕለትን፤

(መ) ሰነዳት ናብ ቤት ፍርዲ ዝቐርበሉን ተኸራኸርቲ ወገናት ነቲ ሰነዳት ዝቀያየሩሉ ዕለትን።

ዓንቀጽ 249. - ዳግማይ ምኽፋት

እቲ ጕዳይ ንኺስማዕ ዳግማይ ኪኽፈት ኣብ ዝተቐጽረሉ መዓልቲ፡ ከሳሲ ቐዲሙ መርትዖኡ ናይ ምቕራብ መሰል ይህልዎ። እንተ ኾነ ተኸሳሲ ብኽሳሲ ንዝቐረበ ኽሲ ምስ ዚኣምነሉን፡ ብናይ

ሕጊ ነጥቢ ወይ ተኸሳሲ ብዘቕረብዎ ተወሰኽቲ ክርክር ከሳሲ ገለ ኽፋል ናይቲ ዚሓተቶ ዳንነት ዘይግብኦ ምስ ዚኸውን ተኸሳሲ ኪጅምር መሰል ይህልዎ።

<u>ዓንቀጽ 250. - መግለጽን ምቕራብ መርትዖን</u>

(1) እቲ ኪጅምር መሰል ዘሎዎ ወገን ትሕዝቶ ጕዳዩ ብምግላጽ መርትዖኡ የቕርብ፡ ወይ ከኣ ነቲ ብመርትዖ ሓቅነቱ ከረጋግጾ ዚደሊ ዘሎ መጫበጢ ነጥቢ ዚድገፍ፡ ኣብቲ ኽርክር ዝቐረበ ካልእ መርትዖ ብምውካስ ይጠቅስ።

(2) ቀጺሉ እቲ ኻልእ ወገን ጕዳዩ ብምግላጽ፡ መርትዖኡ የቕርብ፡ ወይ ከኣ ኣብቲ ኽርክር ዝቐረበ ካልእ መርትዖ ይጠቅስን ብዛዕባ እቲ ጕዳይ ብሓፈሻ ንቤት ፍርዲ መብርሂ ኪህብ ይኽእል።

(3) ብድሕርዚ እቲ ዝጀመረ ወገን ብዛዕባ እቲ ጕዳይ ሓፈሻዊ መልሲ ኪህብ ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 251. - ሓያሎ መጫበጢ ነጥብታት ኣብ ዘለዉሉ ኵነታት</u>

(1) ካብ ሓደ ንላዕሊ ጭብጥታት ምስ ዚህልዉ እሞ፡ ንገሊኣቶም ብመርትዖ ናይ ምርዳእ ሓላፍነት ኣብ ልዕሊ እቲ ኻልእ ወገን ኣብ ዝኾነሉ ኵነታት፤ እቲ ጕዳዩ ኽሰምዕ ዝጅምር ወገን፡ ከም ምርጭኡ፡ ነቲ ጭብጥታት ዚምልከት መርትዖኡ ኽቕርብ፡ ወይ በቲ ኻልእ ወገን ንዝቐርብ መርትዖ ምስ ዚህቦ መልሲ ሓዊሱ ንኼቕርቦ ከጽንሖ ይኽእል።

(2) መርትዖ ተዓቂቡ ኣብ ዚጸንሓሉ ኵነታት፡ እቲ ጀማሪ ወገን ነዚ መርትዖ እቲ ኻልእ ወገን ኩሉ መርትዖኡ ድሕሪ ምቕራቡ ከቕርቦ ይኽእል፡ ብድሕርዚ ድማ እቲ ኻልእ ወገን ነቲ ዝቐረበ መርትዖ ኣመልኪቱ መልሲ ይህብ፡ እንተ ኾነ እቲ ዳሕራይ ወገን ብዛዕባ እቲ ጕዳይ ብሓፈሻ መልሲ ኪህብ መሰል ይህልዎ።

<u>ዓንቀጽ 252. - ኣገባብ ኣወሃህባ ምስክርነት</u>

(1) እቲ ኪጅምር መሰል ዘሎዎ ተኸራኻሪ ወገን መሰኻኽሩ ይጽውዕ። መሰኻኽር ድሕሪ ምምሓሎም ወይ መረጋገጺ ምሃቦም፡ በቲ ዚጸውዖም ወገን ቀጥታዊ ምርመራ በቲ ኻልኣይ ወገን መስቀላዊ ምርመራ ይካየደሎም። ኣብ መወዳእታ ድማ ብቐዳማይ ወገን ዳግማይ ምርመራ ኪካይደሎም ይኽእል።

(2) ሓደ ተኸራኻሪ ወገን ኪምስክር ኣብ ዚደለየሉ ኵነታት፡ ምስክርነቱ ቅድሚ መሰኻኽሩ ምስክርነት ምሃቦም ይህብ። ኣብ ከምዚ ኵነታት እቲ ተኸራኻሪ ወገን ልክዕ ከም ምስክር ይሕሰብ።

<u>ዓንቀጽ 253. - መርትዖ ኣብ ክፉት መጋባእያ ዚወሃብ ምስክርነት</u>

ቤት ፍርዲ፡ ምኽንያቱ ብምስፋር ዝተፈልየ ኣብ ዚእዝዘሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ መሰኻኽር ኣብ ክፉት መጋብኣይ ምስክርነቶም ይህቡ።

<u>ዓንቀጽ 254. - ተወሰኽቲ ሕቶታት ብቤት ፍርዲ</u>

ቤት ፍርዲ፡ ንግቡእ ውሰና ናይቲ ኽርክር ኣድላዪ ኾይኑ ምስ ዚረኸቦ ኣብ ዝኾነ ግዜ ንምስክር ሕቶ ከቕርበሉ ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 255. - መሰኻኽር ብቐጽበት ናይ ምምርማር ስልጣን</u>

(1) ቤት ፍርዲ፡ ክሲ ድሕሪ ምምስራቱ ኣብ ዝኾነ ግዜ፡ ናይ ምስክር ቃል ብቕጽበት ኪውሰድ ኣብ ዝዓገበሉ ኩነታት፡ ብኣመልካትነት ናይ ዝኾነ ካብ ተኸራኸርቲ ወገናት ወይ ናይ ምስክር፡ ካብዚ ኣቐዲሙ ብዝሰፈረ ድንጋገታት መሰረት ናይቲ ምስክር ቃል ምስክርነት ኪወስድ ይኽእል፡ እቲ ቃል ምስክርነት ድማ እቲ ክርክር ኣብ ዝስምዓሉ ግዜ ኪንበብ ይኽእል።

(2) እቲ ቃል ምስክርነት ሽዑ ብቐጥታን ኣብ ቅድሚ ተኸራኸርቲ ወገናትን ምስ ዘይውሰድ፡ ቤት ፍርዲ መሰኻኽር ንኪስምዕ እኹል ዝበሎ መዓልቲ ቈጺሩ ንተኸራኸርቲ ወገናት የፍልጥ።

<u>*ዓንቀጽ* 256. - *ቤት ፍርዲ ንምስክር ደጊሙ ኪጽውዕን ኪምርምርን ይኽእል*</u>

ቤት ፍርዲ፡ ብተበግሶኡ ወይ ብሓታትነት ናይ ዝኾነ ተኸራኻሪ ወገን፡ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ናይቲ ክርክር፡ ኣቐዲሙ ምስክርነቱ ዝሃበ ምስክር ዳግማይ ኪጽውዕን ዝመሰሎ ሕቶታት ከቕርበሉን ይኽእል።

<u>*ዓንቀጽ* 257. - *ኣብያ ተኸራኻሪ ወገን ንምምስካር*</u>

ኣብ ቤት ፍርዲ ዝተረኽበ ዝኾነ ተኸራኻሪ ወገን ቃል ምስክርነቱ ኪህብ ወይ ኣብ ኢዱ ወይ ኣብ ስልጣኑ ዚርከብ ዝኾነ ሰነድ ኸቕርብ ብቤት ፍርዲ ተሓቲቱ፡ ብዘይ ሕጋዊ ምኽንያት ምስ ዚኣቢ፡ ቤት ፍርዲ ኣንጻሩ ውሳነ ኺህብ ወይ ምስቲ ክርክር ብዝተኣሳሰር ቕኑዕ ኰይኑ ዝተራእዮ ኪእዝዝ ይኽእል።

<u>*ዓንቀጽ* 258. - *ምስክርነት ክኢላ*</u>

ተኸራኸርቲ ወገናትን ቤት ፍርድን ኣብ ልዕሊ ብክኢላ ዚቐርብ ጸብጻብ ሕቶታት ከቕርቡን፡ እቲ ኽኢላ ኣብ ቤት ፍርዲ ብኣካል ቀሪቡ መብርሂ ኪህቦም ኪሓቱን ይኽእሉ። ንመሰኻኽር ዚምልከቱ ድንጋገታት ኪትግበር ዚከኣል ክሳዕ ዝኾነ ብተመሳሳልነት ኣብ ልዕሊ ክኢላውን ተፈጻምነት ይህልዎም።

<u>*ዓንቀጽ* 259. - *ኣመዘጋግባ ቃል ምስክርነት*</u>

(1) ምምዝጋብ ቃል ነፍስ-ወከፍ ምስክር ስም፡ ዕድመ፡ ስራሕን ኣድራሻን እቲ ምስክር ብምስፋር ይጅምር። ብተወሳኺ እቲ ምስክር ምምሓሉ ወይ መረጋገጺ ምሃቡ ይጥቀስ።

(2) ናይ ነፍሲ ወከፍ ምስክር ቃል ምስክርነት ብማእከላይ ዳኛ ወይ ኣብ ትሕቲ ውልቃዊ መርሓ ናይ ማእከላይ ዳኛ ብጹሑፍ ይውሰድ።

(3) ቃል ምስክርነት ኣብ ቀንዲ ምርመራ፡ መስቀላዊ ምርመራን ዳግማይ ምርመራን ይምቀል። መስቀላዊ ምርመራን ዳግማይ ምርመራን ኣበይ ጀሚሩ ኣበይ ከም ዝውድእ ድማ ኣብቲ ምስክርነት ይምልከት።

(4) ከም መትከል ምስክርነት ብመልክዕ ትረኻ ይውሰድ፡ ኰይኑ ግን፡ እቲ ማእከላይ ዳኛ ብመልክዕ ሕቶን መልስን ኪወስድ ኪእዝዝ ወይ ከም ዝውሰድ ኪገብር ይኽእል።

(5) እቲ ምስክርነት ምስ ተዛዘመ፡ እቲ ቃል ምስክርነት ብቤት ፍርዲ ይፍረም።

<u>*ዓንቀጽ* 260. - *ምምዝጋብ ተቓውሞ*</u>

ዝኾነ ንምስክር ዝቐረበ ሕቶ ብተኸራኻሪ ወገን ወይ ብወዳእ ነገሩ ተቓውሞ ምስ ዚቐርበሉ እሞ፡ ቤት ፍርዲ እቲ ሕቶ ኪቐርብ ምስ ዘፍቅድ፡ እቲ ሕቶን፡ ንእኡ ዝተዋህበ መልሲ፡ እቲ ተቓውሞን ናይቲ ተቓውሞ ዘቕረበ ሰብ ስምን ምስቲ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነን ብሓንሳብ ይምዝገብ።

<u>ዓንቀጽ 261. - ብኻልእ ቤት ፍርዲ ዝተመዝገበ ምስክርነት</u>

(1) ቅድሚ ምዝዛም ክርክር ኣብ ኣቓውማ ቤት ፍርዲ ዝተገብረ ለውጢ፡ ለውጢ ቅድሚ ምፍጻሙ፡ ኣብቲ ቤት ፍርዲ እቲ ንዝተመዝገበ ምስክርነት ኣይትንክፎን። እቲ ኽርክር ድማ በቲ ዝተመዝገበ ምስክርነት መሰረት ይቕጽል።

(2) ድንጋገታት ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ናብ ካልእ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝተሰጋገረ ክርክር ንዝተወሰደ ምስክርነት ብዚምልከትውን ብተመሳሳልነት ተፈጻምነት ይህልዎ።

<u>ዓንቀጽ 262. - ኤግዚቢት</u>

ኤግዚቢት ብረጂስትራር ወይ ጸሓፊ ቤት ፍርዲ ምልክትን ቊጽርን ምስ ተገብረሉ ኣብ ስቱር ቦታ ይቕመጥ፡ ብዘይ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ድማ ኣይወጽእን። እቲ ኸምዚ ዝመስል ምልቓቕ ነቲ ዳንነት ብኣሉታ ከም ዘይጸሉ ወይ ኣንጻር ህዝባዊ ረብሓ ከም ዘይከውን ኣብ ዘረጋገጸሉ ኵነታት እንተ ዘይኰኑ፡ ቤት ፍርዲ ናይ ምልቓቕ ትእዛዝ ኣይህብን።